FACHSTELLE
FRÜHE FÖRDERUNG
FRÜHE DEUTSCHFÖRDERUNG
Postfach 1000
CH-8201 Schaffhausen
T + 41 52 632 53 51
www.stadt-schaffhausen.ch

Fachstelle Frühe Förderung

Familie
«Sorgerecht_Inhaber»
«Strasse» «HausNr»
«PLZOrt»

ሻፋውዘን፣ ጥሪ 2021

ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝግበር ናይ ቋንቋ ጀርመን ሓገዝ ኣብ ከተማ ሻፈውዘን ናይ ቋንቋ ዕብየት 2021

ቆልዓ «Vorname» «NameEinwohner»

ዝኸበርኩም ወለዲ

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2022 ውላድኩም **«Vorname»** ምናልባት መዋእል ህጻናት ይጅምር ይኸውን። ውላድኩም ነቲ መምህሩ ክርድኦ ከምኡ`ውን ብቋንቋ ጀርመን ክረዳዳእ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ክኾነሉ ዝኽእል፣ እቲ ቆልዓ ብኣጋ ምስ ቋንቋ ጀርመን ርክብ ምስ ዝገብር እዩ። ንኣብነት እሽፒልግሩፕ ወይ መውዓሊ ቆልዑ ምስ ዝኸይድ እዩ።

ካባና ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ክወሃበኩም እዩ። ነተን ሕቶታት ብምምላስ፣ ናይ ውላድኩም ብቅዓት ደረጃ ቋንቋ ጀርመን ክትግምግሙ ትኽእሉ። እቲ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ብ12 ቋንቋታት ተዳልዩ ኣሎ (በልባንኽ፣ ዓረብ፣ ብዝንኽ|ኩረኽያ፣ ጀርመን፣ እንግሊዝ፣ ፈረንሳ፣ ጣልያን፣ ፖርቱጋል፣ እስፐይን፣ ታሚል፣ ትግርኛ፣ ቱርኪ።) ነዚ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ካብ ከተማ ሻፈውዘን ብቁጽሪ ስልኪ + 41 52 632 53 51 ደዊልኪም ክትጠልብዎ ትኽእሉ ወይ ኣብ ኢንተርነት ኣብዚ ታሕቲ ተጠቂሱ ዘሎ ገጽ ብምእታው ክትጽዕንዎ ትኽእሉ።

www.schulen-stadtsh.ch → Frühe Förderung → Familien → Sprachstanderhebung

ብዝተኻእለኩም መጠን ነዚ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ በቲ ትመልክዎ ቋንቋ ጥራይ ምልእዎ። ነቲ ዝመላእኩምዎ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ክሳብ ዕለት **31. ጥሪ 2021**ዓ|ም ናብ ከተማ ሻፈውዘን ክትሰዱልና ብትሕትና ንሓትት።

ነቲ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ንምምላእ ክንተሓጋገዘኩም ድሉዋት ኢና። ብቁጽሪ ስልኪ + 41 52 632 53 51 ብምድዋል ወይ ኢመይል ብምስዳድ mirjam.vock@stsh.ch ክትረኽቡና ትኽእሉ።


«Code»

STADT SCHAFFHAUSEN

ድሕሪ እቲ ናይ ሕቶታት ቅጥዒ መርመራ፣ ብዛዕባ ደረጃ ክእለት ቋንቋ ውላድኩምን ምስ ውላድኩም ዝኸይድ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ተኽእሎታትን ክሕበረኩም እዩ። ናይ ውልቅኹም ሰነዳት ንካልኦት ክፉት ኣይኮነን ከምኡውን ንካልኦት ኣይወሃብን እዩ፣ ብምስጢር ይተሓዝ።

ነቲ ክቡር ዝኾነ ምትሕብባርኩም ብጣዕሚ ኢና ነመስግነኩም።

ምስናይ ሰላምታ



Mirjam Vock
ሓላፊት ፕሮጀክት ሓገዝ ቋንቋ ጀርመን ብኣጋ

Tel. direkt: + 41 52 632 53 63
mirjam.vock@stsh.ch

ምስቲ ደብደቤ ዝስደድ ተወሳኺ ወረቃቅቲ

1. ናይ ሕቶታት ቅጥዒ
2. መምለሲ ቡስጣ